# ባህርይ ክርስቶስ

ብፓትርያርክ ሺኖዳ ሣልሳይ

ትርጉም
ብ
ዶ/ር ሽሞንዲ ኃይለ

ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ
2001

## ምዕራፍ ፩

## ባህርያት ተዋህዶነትን ምውላድ ክርስቶስን

ቅድስቲ ድንግል ማርያም ንመን እያ ዝወለደት? ነቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ጥራይዶ? ወይሲ ነቲ ሰብኣዊ ባህርያ ጥራይ? ወይሲ ንኣምላኽን ሰብን? ወይሲ ነቲ ሥጋ ዚለበሰ (ሎጎስ)?

ነብዩ ኢሳይያስ "ሕጻን ተወልደልና፡ ወዲ ተዋህበና" ቢሉ ከም ዝተነበየ፡ እሞ እቲ ሕጻን ከም እተወልደ ኲላ ዓለም ከም ዚረኣየቶ ቃል ኣምላኽ ይሕብረና። ስለዚ እቲ ዝተወልደ ሕጻን፡ መለኮት ጥራይ ድዩ ኔሩ? ያእ ኣይፈሉን። ሰብ ጥራይ ድዩኸ ነይሩ? እዚውን ዘይመስል እዩ። ከመይሲ ከምዚ እንተበልና፡ ኣብቲ ንስጥሮስ ዝኣቶዎ ጌጋ ክንወድቕ ኢና። ስለዚ ድንግል ማርያም ሰብ ጥራይ ከም ዘይወለደት መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ እናበለ ይሕብረና፡ "መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ኃይሊ ልዑልውን ኬጽልለኪ፡ እቲ ዚውለድ ድማ ወዲ እቲ ልዑል ኣምላኽ ኪበሃል እዩ" ይብልሞ፡ ብተወሳኺውን "ብሩኽ ኣምላኽ" ድማ ይብል። ደጊሙ ድማ፡ "እቲ ዚውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ኪበሃል እዩ" በለ። (ሉቃ፡1፡35) እንደገና፡ "እንሆ ድንግል ኪትጠንስ ወዲውን ኪትወልድ ኢያ፡ ስሙ ከኣ ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ። ትርጉሙ ድማ፡ ኣምላኽ ምሳና እዩ"።(ማቴ፡1፡23)

ደጊሙውን ነብዩ ኢሳይያስ፥ "ሕጻን ተወሊዱልና ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ፥ እቲ ግዝኣቱ ከኣ ኣብ መንኩቡ እዩ" ይብል። ካብዚ ኣበሃህላ ትንቢት እዚ እንርድኦ፥ እንተድኣ ሃሊዩ ድማ፥ ክርስቶስ ሰብ ጥራይ ከም ዘይነበረ ዘይኮነስ፥ ወዲ ኣምላኽ ምንባሩውን እዩ። እወ፥ "ኣማኑኤል ዘለዓለማዊ ኣምላኽ ምሳና"። ቅድስቲ ድንግል ማርያም ድማ፥ ክልተ ዝተፈላለዩ ማለት ሰብን ኣምላኽን ኣይወለደትን፥ ኣምላኽ ሰብ እምበር። ከምኡ ኔሩ እንተዝኸውንሲ፥ ክልተ ደቂ ሓዲኦም ሰብ፥ ሓዲኦም ከኣ ኣምላኽ ምነበሩዋ ኔሮም። ብጭብጢ ክረኤ እንከሎ እምበኣር፥ ድንግል ማርያም ነቲ ብሥጋ ዝተጋህደ ሓደ ወዲ ኣምላኽ፥ ማለት "ኣማኑኤ ምሳና" ኢያ ዝወለደት።

ክርስቶስ እምበኣር ክልተ ደቂ ወይ ክልተ ሰብ እዩ ኔይሩ? ማለት፥ በቲ ሓደ ወዲ ኣምላኽ ብምዃኑ፥ ክብርን ስግደትን ዚግብኦ፥ በቲ ሓደ ድማ ሰብ ብምዃኑ ኣምልኾት ዘይግብኦ ማለት እዩ። ተዘይኮነ፥ ኣምላኻውን ሰብኣውን ባህርያት ክርስቶስ ፈጺምና ክንነጻጽሎ ኣይኮነልናን፥ ኣይኻኽእልንውን። ካብዚ ተበጊሱ ድማ እዩ ቅዱስ ኣትናቴዎስ፥ ብዛዕባ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ "ንሱስ፥ በቲ ሓደ ክንሰግደሉ ዚግብኣና፥ በቲ ሓደ ድማ፥ ክንሰግደሉ ዘይግብኣና ክልተ ባህርያት ዘለዎ ኣይኮነን። ከመይሲ፥ ካብቲ ሓደ ባህርያት ዘይነጻጸል ብሥጋ ዝተገልጸ ቃል ኣምላኽ (ሎጎስ) ምስ ሥጋኡ ሓደ ዝኾነ እዩ"፥ ኪብል ዝገልጸ።

እምበኣር ስግደትና ኮነ ኣምልኾና፥ ነቲ መለኮታዊ ካብቲ ሥጋዊ ፈሊና ኣይኮናን ኣነምልኮ ዘሎና። ቶማስ፥ ነቲ ኣብ ቅድሜኤ ሥጋ ለቢሱ ብግዙፍ ዝረኣዮ ጎይታይን ኣምላኸይን ቢሉ ክሰግደሉ ድኣ ንርእዮ እምበር፥ ክፈላልዮ ኣይንርእዮን። ንሕናውን ነዚ ቃል ሥጋ ኮነ ዝተባህለሉ ሎጎስ፥ ነምልኾን ንሰግድን እምበር፥ ንሥጋ ንበይኑ ፈሊና ኣይንሰግድን።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ እቲ ሓደ ወዲ ኣምላኽ ብዘይ ኣደ ካብ ኣቦኡ ኣብ ዘለዓለም ተወልደ። እዚ ሓደ ወዲ ኣምላኽ ኢዚ ድማ ኢዩ፥ "ነቶም ቀደም ዝፈለጦም፥ ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋትሲ በዅሮም ምእንቲ ክኸውን፥ ንምስሊ ወዲ ኪመስሉ ቀደም መደቦም" ቢሉ፥ ሃዋርያ ጳውሎስ ዚመስከረ። (ሮሜ፥ 8፥29) እዚ ኣብ ዘለዓለም ካብ ኣቦኡ "ኣብ" ዝተወልደ፥ ወዲ ኣምላኽ እዚ፥ ምልኣት ጊዜ ምስ ኣኸለ፥ ብዘይ ምድራዊ ኣቦ፥ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም፥ ተወልደ። ደጊሙ ሃዋርያ ጳውሎስ፥ "ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፥ ነቶም ትሕቲ ሕጊ

ዘለዉ፡ ተሻይጡ ምእንቲ ኬውጽኦም፡ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ክንረኽብሲ፡ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ፡ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኾ"፡ እናበለ መጽሓፍ ቅዱስ መሊሱ የዘክረና። (ገላ፡4፡4)

ክርስቶስ ባዕሉ ንነፍሱ ወዲ ሰብ እናበለ ይጽውዓ ነበረ። እቲ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ ወዲ ኣምላኽ ነበረ። እቲ ቃል ኣምላኽ (ሎጎስ) ኣብ ማሕፀን ድንግል ማርያም ክህነጽ ከሎ፡ ካብ ሥጋኣ ሥጋ፡ ካብ ደማ ደም ወሲዱ፡ ባህርይ ሰብ ለቢሱ ተወልደ። እዚ ኣበሃህላ ኣዚ ድማ፡ ካብ ትምህርቲ ንስጥሮስ ኣዚዩ ዝተፈልየ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ከም ኣበሃህላ ንስጥሮስ፡ ድንግል ማርያም ንታራ ሰብ እያ ዝወለደት፡ ክጥመቕ ከሎ ግና፡ ኣምላኽ ኣብኡ ሓደረ፡ ወይ ድማ ኣምላኽ መልኣ እሞ፡ ክርስቶስ ኮነ። በዚ ድማ እዩ ክርስቶስ ካብ ማሕፀን ድንግል ብዘይ መለኮታዊ ሕብረት ብምላዱ፡ ክርስቶስ ቆፎ ኣማላኽ (ትዮፎሮስ) ኮነ ዝበለ።